LANDKREIS LUDWIGSBURG

# ሓበሬታ ብዛዕባ ኮረናቫይረስ

**1. ኮረናቫይረስ ብከመይ ክሕዘካ ይኽእል፧**

እቲ ቫይረስ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይሓልፍ። እዚ ዘጋጥም፡ ንኣብነት፡ ኣብ ጥቓ ሰብ ኮይንካ ብምስዓል፡ ምዝራብ፡ ወይ ኢድ ብምጭባባጥ እዩ።

**2. እቲ ቫይረስ ከምዘለካ ብኸመይ ትፈልጥ፧**

እንተድኣ ኮረናቫይረስ ኣለካ ኾይኑ፡ ንኣብነት፡ ሰዓል፡ ጸረርታ ኣፍንጫ ቃንዛ ጎረሮ፡ ከምኡ ድማ ረስኒ ክህልወካ ይኽእል። ምስ ፍሉ ኣዝዩ ተመሳሳሊ እዩ። ገሊኦም ሰባት ወጽኣት ክሕዞም'ዎን ይኽእል። ገሊኦም ተሓከምቲ ካብ ካልኦት ዝበኣሱ እዮም፡ ናይ ምስትንፋስ ጸገማት ወይ ኒሞንያ ክህልዎም ይኽእል።
እንተድኣ እቲ ቫይረስ ኣለካ ኾይኑ፡ እቶም ምልክታት ሕማምን ኽቕልቀሉ 14 መዓልታት ክወስድ ይኽእል።

**3. ኮረነቫይረስ ስለምንታይ እዩ ሓደገኛ፧**

ኣብ መብዛሕትኦም ሰባት፡ ኮረናቫይረስ ፎኲስ እዩ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ከባቢ 15 ሚእታዊት ናይቶም ዝተለኽፉ ከቢድ እዩ፥ ንሳቶም ናይ ምስትንፋስ ጸገምን ኒሞንያን ኣለዎም። ክሳብ ሕጂ፡ እቲ ቫይረስ ንኣረጋውያንን ኣቐዲሞም ሓሚሞምን ዝነብሩን ሰባት እዩ ብቐንዱ ከቕትል ጸኒሑ።

**4. ናይ ሕማም ምልክታት እንተልዮምኒ እንታይ ክገብር ኣለኒ፧**

እንተድኣ ረስኒ፡ ሰዓል ወይ ሕጽረት ምስትንፋስ ኣለካ ኾይኑ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ድሮ ናይ ቫይረስ ረክሲ ዘለዎም ሰባት ዘለውዎ ከባቢ ትነብር ኮይንካ፡ ዶክተር ክትጽወዕን ቆጸራ ክትሕዝን ኣለካ።
እቶም ረስኒ፡ ሰዓል፡ ወይ ሕጽረት ምስትንፋስ ዘለዎም ሰባት ብዝተኻእለ መጠን ምስ ካልእ ሰብ ርክብ ክወግዱ ኣለዎም። እንተወሓደ 1.5 ክሳብ 2 ሜትሮ ርሕቀት ካብ ካልእ ሰባት ክትሕሉ ኣለካ።
እንተድኣ ዝከኣል ኮይኑ፡ ካብ ገዛካ ወይ ክፍልኻ ኣይትወጻእ። ናብ ግንቦ ኢድካ፡ ወይ ናብ ሶፍት ወረቐት ስዓልን ህንጥሸውብልን፡ ብድሕሪኡ ነቲ ሶፍት ብኡንብኡ ናብ መንሓፊ ደርብዮ። ኣእዳውካ ብተደጋጋምን ኣዐሪኻን ተሓጸብ (ብፍላይ ድሕሪ ምጥቃም ሽቓቕን ቅድሚ ምድላው ምግብን)።

**5. እንተድኣ ምስ ዝተለኸፈ ሰብ ርክብ ነይሩኒ እንታይ ክገብር ኣለኒ፧**

እንተድኣ ኮረናቫይረስ ምስ ዘለዎ ሰብ ርክብ ጸኒሑካ፡ ኣብ ናብ ዶክተርካ ወይ ናብቲ Gesundheitsamt ኣብ መንበሪ ከባቢኻ ዘሎ ደወልን ሓብሮምን። እቲ ማስመር ተሌፎን እንተድኣ ብዙሓት ሰባት ኣብ ሓደ ግዜ ይድውሉ ኣለዉ ኾይኖም ትሑዝ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ፡ ብኽብረትካ ናብቲ ፈደራላዊ ሚኒስትሪ ጥዕና ደወል፥ **07141/144-69844**። ንሳቶም ብቛንቋ ጀርመን ጥራይ እዮም ደገፍ ዝህቡ።
እንተድኣ ኣብ መቐበሊ ሚኢከል ወይ ኣብ ናይ ሓባር መንበሪ ገዛ ትነብር ኮይንካ፡ ብቕልጡፍ ነቲ ምምሕዳር ናይ ማሳለጥያ ወይ ነቶም ናይ ናብዮት ስታፍ/ሰራሕተኛታት ሓብር። ከምኡ'ውን፡ ንኣብነት፡ ኣብ ቤት-ትምህርትኻ፡ ናይ ቛንቋ ቤት-ትምህርትኻ፡ ኣብ ናይ ተልመዴኦ ንነት ስራሕካ፡ ወይ ኣብ ቦታ ስራሕካ።